ኣብ ዝስዕቡ ቋንቋታት ውን ኣሎ፥ ጀርመንኛ፣
ዳሪ (ፋርሲ)፣ እንግሊዝኛ፣ ፍራንስኛ፣
ኩርድኛ፣ ዓረብኛ፣ ቱርክኛ

**Tigrinya**

# ቀንዲ ኣገደስቲ መሰረታውያን መሰላትን ግዴታታትን ኣብ ጀርመን

– ብቐሊልን ርዱእን ቋንቋ ተገሊጹ ዝተጸሃፈ –

---

## መሰረት ንምጽማም፣ ሰላማዊ ምትሕብባርን ውሕስነትን



bürgerstiftung lebensraum aachen

Bürgerstiftung Lebensraum Aachen • Frankenburg, Goffartstr. 45 • 52066 Aachen
Tel: +49 241 / 45 00 130 • Fax: +49 241 / 45 00 131 • info@buergerstiftung-aachen.de • www.buergerstiftung-aachen.de

| አገደስቲ ዓንቀጻት ኣብ መሰረታዊ ሕጊ (Grundgesetz) | መሰላት | ግዴታታት |
|---|---|---|
| 1 | „ክብረት ወድ-ሰብ ክትንከፍ ኣይከኣልን' ዩ።“<br>ኣነ ክብርይ ክኽበረለይን ብሰባትን ብመንግስቲን ክኽለወለይ መሰል ኣለኒ። | ስለዚ ንዝኾነ ካልእ ሰብ - ሰበይቲ፣ ሰብኣይ፣ ቆልዓ ይኹን - ብክብረትን ኣኽብሮትን ክርእዮም ኣለኒ፣ ሰብ ስለዝኾኑ። |
| 2 ዓን. 1 | ኣነ ብዘይተጽእኖ መንነተይ ከማእብል መሰል ኣለኒ። ንዚ መሰለይ ካልኦት ሰባት ክጥህስዎ ኣይፍቐድን። | ከምቲ ኣነ ዝተኸበረለይ ኣነውን ካልእ ሰብ መንነቱ ብነጻ ከማዕብል መሰል ከምዘለዎ ክቕበለ ኣለኒ።<br>እዚ መሰል ናይ ካልኦት ክብደል ኣይፍቐደለይን' ዩ። |
| 2 ዓን. 2 | ንክነብር መሰል ኣለኒ።<br>ብዘይ ጉነጽን ኣካላታዊ ጎደሎን ንክነብር መሰል ኣለኒ። | ዝኾነ ካልእ ሰብ ከማይ ንክነብር መሰል ከምዘለዎ ክኽብር ኣለኒ።<br>ኣብ ዝኾነ ሰብ - ኣንስቲ፣ ሰቡት፣ ቆልው - ጉነጽ ክገብር ኣይፍቐደለይን። |
| 3 ዓን. 1ን 2 | “ሰብኡትን  ኣነስትን ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ እዮም”<br>ማለት፥ ኩላትና ማዕረ መሰል ኣለና፣ ሰባይ ወይ ሰበይቲ ምኻን ብዘየገድስ።<br>ኩሎም ሰባት ነብሶም ንክኽእሉ መሰል ኣለዎም። | ሰብኡትን ኣንስትን ብማዕረ ክርእይን ክኽብርን ኣለኒ - ካብ ዕድመን መዓርግን ዘይተመርኮሰ።<br>ዝኾነ ሰብ ከም ንብረት ክተሓዝ ኣይፍቐድን' ዩ። |
| 3 ዓን. 3 | በቶም ዝስዕቡ ምኽንያታት ዋላ ታሕቲ ዋላ ላዕሊ ኣይከውንን እየ፥<br>• ብጾታይ፣<br>• ብመበቈለይ፣<br>• ብዓሌተይ፣<br>• ብቋንቋይ፣<br>• ብዓደቦይን መበቈልን፣<br>• ብእምነተይ፣<br>• ብሃይማኖታዊ ወይ ብፖሊቲካዊ ርእይቶይ ወይ<br>• ብጉድለተይ። | በቶም ዝስዕቡ ምኽንያታት ንዝኾነ ብታሕቲ ዋላ ብላዕሊ ክርኢ ኣይፍቐደንን፥<br>• ብጾትኡ<br>• ብመበቈሉ<br>• ብዓሌቱ<br>• ብቋንቋኡ<br>• ብዓድቦኡን መበቈሉን<br>• ብእምነቱ<br>• ብሃይማኖታዊ ወይ ብፖሊቲካዊ ርእይቶኡ ወይ<br>• ብጉድለቱ |
| 4 | ዝደለኹዎ ክኣምን እፍቐድ እኽእል እዩ። | ንዝኮነ ሰብ ካልእ እምነት ከእምን ከግድዶ ኣይፍቀደልይን እዩ።<br>ካልእ ሰብ ኣብ ኣነ ዘይኣምን ከም ዝኣምኑ ክቕበል ኣለኒ። |
| 5 | ርእይቶይ ብነጻ ክገልጽ ይኽእል። | ካልእ ሰብ ርእይቶኦም ብነጻ ክገልጹ ከምዝክእሉ' ውን ክቕበል ኣለኒ። ብዝሒ ኣረኣእያታት መሰረት ናይ ሓደ ህያው ደሞክራሲ እዩ። እዚ ክጻወር ኣለኒ። |
| 6 ዓን. 1ን 2 | ንደቀይ ከምቲ ንዓይ ቅኑዕ ዝስምዓኒ ክዕብዮም እፍቐድ ግና በዞም መሰረታውያን መሰላት። | ንደቀይ ብመሰርት ናይ ጀርመን ህጊ ክኽናኽኖምን ክዕብዮምን ኣለኒ። ክሃርሞን ኣይፍቀደለይን። |


| አገደስቲ ዓንቀጻት ኣብ መሰረታዊ ሕጊ (Grundgesetz) | መሰላት | ግዴታታት |
|---|---|---|
| **7** | ኩሎም ኣብ ጀርመን ዝቕመጡ ቆልዑ ሓደ ቤት - ትምህርቲ ንክበጽሑን ንክመሃሩን መሰል ኣለዎም። እቲ ሃገር መምሃራን ንክቈጻጸሮም መሰልን ግዴታን ኣለዎ፣ ቆልዑት መታን ከዕብዩዎም፣ ድሓር ነጻን ደሞክራሳውን መሰረት ስርዓት ምእንቲ ክቕበሉን ከኽላኽሉን።<br>ስለዚ ናይ ጀርመን መንግስቲ ወጻእተኛታት መምሃራን ብጀርመንኛን ከምኡ ' ውን በቲ መሰረት ስርዓት ንክምህሩ ክጠልብ ኣለዎ (እቲ ሃገር) ። | ከም ኣቦ ወይ ከምኣደ ደቀይ ብስሩዕ ግዜ ትምህርቲ ክበጽሑን ግዴታ ትምህርቲ ክፈጽሙ ግዴታ ኣለኒ። (ግዴታ ትምህርቲ ስለዘሎ፣ ገንዘብ ትምህርቲ ክኸፍል ኣየድልየንን።) |
| **8** | ምስ ካልኦት ሰባት ብሰላምን ብዘይ ንብረት ጐነጽን ክእኣክብ ይፍቀደኒ ። | ንብረት ጐነጽ (ብረት፣ ካራ ወዘተ) ክሕዝ ኣይፍቐድን። |
| **10** | ደብዳበታተይ ጥራይ ኣነ ክኸፍቶም እፍቐድ።<br>ዋላ ' ቲ ሃገር ደብዳበታተይ ክኸፍቶም ኣይፍቐድን ' ዩ። | ደብዳበታት ካልኦት ሰብ ክኸፍት ኣይፍቐድን። |
| **13** | ኣነ ከይደለኹ ዝኾነ ሰብ ገዛይ ክኣቱ ኣይፍቐድን። ፍልልያት ጥራይ ፈራዳይ ክገብር ይኽእል። | ኣብ ናይ ካልእ ገዛ ክኣቱ ኣይፍቐድን፣ እቶም ተቐማጥቲ እንተዘይደለዩ። |
| **14** | እቲ ሃገር ንንብረተይ ይከላኸል እዩ (ንኣ. ብሕግታት ገበን፣ ብፖሊስ፣ ብቤት - ፍርዲ) ። | ንብረት ናይ ሓፈሻውነት/ናይ ሃገር (ንኣ. ወግዓውያን ህንጻታት፣ ተፈጥሮኣዊ ዓውድታት ደገ) ብጥንቃቐ ንክርኢ/ንክሕዝ ከምኡ ' ውን ዓገብ ክይገበርኩሉ ግዴታ ኣለኒ። |
| **16ሀ** | ካብ ቦታ ኩናት እንተ መጺአ ወይ ብሰንኪ ሃይማኖተይ ወይ ዓሌተይ ወይ ፖሊቲካዊ ርእይቶይ እንተ ደኣ ተገፊዐ፣ ኣብ ጀርመን ዑቕባ ንክውሃብ መሰል ኣለኒ።<br>እዚ ድማ ካብ ሻራ ዘይብሎም ምምሕዳራት ይምርመርን ይወሰንን እዩ።<br>እቲ ውሳነ እንተ ደኣ ዘይተቐበልኩዎ፣ ኣብ ቅድሚ ቤት - ፍርዲ ይግባይ ክሕትት ክኸሰስ እኽእል። | ኣብቲ ጉዳይ ድማ ሓቂ ሓሳባት ክገልጽ ከምኡ ' ውን ዝኾነ ዘሎኒ (ዋላ ካብ ሃገረይ ክህልወኒ ዝኽእል) ፓስፖርታት፣ መረጋገጺታትን ካልኦት ወረቓቕትን ንከቕርብ ግዴታ ኣለኒ።<br>ዓደቦይ/ሃገረይ ስለዝገደፍኩ ኣብኡ ጥምየት ስለዘሎ ወይ ትምህርቲ ሞያ ኣቡዚ ክገብር ስለዝደለኹ፣ መሰል ንዑቕባ የብለይን። ኣብዚ ጉዳይ ስሩዕ ስው ሕግታት ስደት ክስዕብ ኣለኒ። |
| **17** | በይነይ ወይ ብሓባር ኣብ ካልኦት ወይ ኣብ ሃገራውያን ስፍራታት ክጠርዕ ወይ ክሓትት እፍቐድ።ህ | |
| **19** | እቲ ሃገር ነዞም መሰረታውያን መሰላት ብውሕስነት ይህበኒ እዩ። ጥራይ ብሓፈሻውያን ዝሰርሑ ሕግታት ወሰን ክግበረሎም ይከኣል።<br>ኣብዞም መሰላት እንተ ደኣ ተበዲለ ኣብ ቤት - ፍርዲ ክጠርዕ እኽእል። | |
| **20ሀ** | ጽሩይ ንፋስ ንከተንፍስ፣ ንጽሩይ ዝስተ ማይ፣ ንጥዑይ ተፈጥሮኣዊ መግቢ፣ ማለት ብዘይ ተረፍ ናይ ድኹዒ፣ መርዚ ወይ መድሃኒታት፣ መሰል ኣለኒ። | ተፈጥሮኣውያን መሰረታት ሕይወት ከም ንፋስ፣ ማይን መሬትን ብጥንቃቐ ንክሕዝ ከምኡ ' ውን እናኞጠብኩ ክጠቕም ግዴታ ኣለኒ። ቅድሚ ሓደ ነገር ምጉሓፍ ከዐርየ ወይ እንደገና ክጥቀመሉ ከምዝኽእል ክሓስብ ኣለኒ።ፍ |

# ሃገርና ከምኡ ይሰርሕ'ዩ፣ እቲ ቡንደስ-ረፑብሊክ  ርመን

እቶም መሰረታውያን መሰላት ኣብ ትሕቲ ኩሎም ዜጋታት ጥራይ ኣይሰርሑን። እንተላይ ኣብ መንጎ ነፍስ ወከፍ ዜጋን ሃገርን ይሰርሑ (ዓን. 1)። ስለዚ ውሕስነት ኣብ ዓንቀጽ 19 ሕጊ-መሰረት ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። እንደገና ኣገዳሲ ከኣ፥ "ፈደራላዊ ረፑብሊክ  ርመን ደሞክራሳውን ሶሽያልን ሃገር እዩ።" (ዓን.10 መስ. 1 GG)

ምምቃል ስልጣናት ማለት ምምቃል ስልጣን ሃገር ኣብ ዝተፈላለዩ፣ ንሓድሕዶም ዝቈጻጸሩ ኣካላት ሃገር ማለት እዩ። ስልጣን ናይ ውልቃውያን ኣካላት ሃገር ወይ ሰባት ወሰን ክግበረሉ ሽዑ ዓመጽ ስልጣን ንከይመጽእ ዕላማ እዩ። ምምቃል ስልጣናት ሕእደ ኣገዳሲ መሰረት ናይ ሎሚ ዘሎናዮ ደሞክራሲ እዩ።

ብናይ ታሪኻዊ ኣብነት ብንቡር ሰለስተ ስልጣናት ይፈላለዩ፥



Modified from source: www.gutefrage.net

**እቲ ሕጊ ዝህብ ስልጣን (ለጊስላቲቭ)፥**
ንሱ ድማ ሕጊ ዝህብ ኣካላት ሃገር ኣለዎ። ኣብ  ርመን ድማ ንሶም ቡንደስታግን ቡንደስራትን እዮም - ዋላ'ቶም ሃገራትን ቦታውያን ፓርላመንታትን እዮም ብውሱን ዕብየት።

**እቲ ዝፍጸም/ዝገብር ስልጣን (ኤክሰኩቲቭ)፥**
ንሱ ድማ ናይ ምፍጻም ሕግታት ተሓታቲ እዩ። ንኣብነት ሚኒስተራትን ምምሕዳራትን ፖሊስን ይሕዝ እዩ።
ኣብ  ርመን እቲ ዝለዓለ ደረጃ ናይ ኤክሰኩቲቭ ቡንደስ-መንግስቲ እዩ።

**እቲ መሰል ወሃቢ (ዩዲካቲቭ)፥**
ንሱ ካብ ኩለን ፍርድታት ይቕወም እዩ ከምኡ'ውን ኤክሰኩቲቭን ለጊስላቲቭን ይቈጻጸር'ዩ። እቶም ቤት-ፍርዳት ድማ ብዛዕባ ጥርዓናት ዜጋታት ኣንጻር ተግባራት (ንኣ. ክፍሊታት መቕጻዕቲ ኣብ ትራፊክ ወይ ኣብያ ኣብ ሕቶታት ዑቕባ) ይወስኑ እዮም፣ እንተላይ ብዛዕባ ቅዋም ሓድሽ ሕግታት። ፈረድቲ ድማ ዘይጽግዕተኛታት እዮም ከምኡ'ውን ጥራይ ንሕጊ ግዴታ ኣለዎም፣ ማለት ዝኾነ ሰብ ከመይ ጌሮም ከምዝውስኑ ክእዝዞም ኣይፍቐድን።

እዚኣ ምምቃል ስልጣናት ድማ ብሓንሳብ ምስ መሰረታውያን መሰላት መሰረት ሃገርና እያ - ማለት ጋራንቲ ንምትሕብባርና ኣብ ሰላምን ናጽነትን ውሕስነትን እያ።
እንተላይ ማለት፥ ጥራይ ሃገር ስልጣን ክፈጽም ይፍቐድ፣ እዚ ድማ ጥራይ ኣብ ውሽጢ ሓፈሻውያን ዝሰርሑ ሕግታት (ማለት ብዘይ ነፍስ-ፍርዲ፣ ብዘይ ሕነ፣ ብዘይ ቅትለት ወዘተ)።


bürgerstiftung lebensraum aachen

ደረስቲ፥
Dr. iur. Frohlinde Weber
Inge Loisch
Leon Pohl
Norbert Greuel

ሓተምቲ፥ Bürgerstiftung Lebensraum Aachen
V.i.S.d.P.:
Hans-Joachim Geupel ፣ ሓላፋይ ሽማግለ
ንምትርጓም ናብ ትግርኛ ዝሕተቲ፥ Lingua-World GmbH

Sparda Bank West eG
IBAN: DE46 3706 0590 0003 6900 91
BIC: GENODED1SPK